# መሰለይ

11 ግንቦት 2008
**Prepared by EMDHR**


Tel: +27 12 440 4749
Email: managment@emdhr.org
Website: www.emdhr.org
Postal address:
P. O. Box 30 583
Sunnyside, 0132
Pretoria, South Africa


## ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ መራሕቶም ይመርጹ




ኣቶ ዓብደላ ማሕሙድ

(ስእሊ፡ ዓዋተ ዳት ኮም)

ድሕሪ ሓደ ሙሉእ ለይቲ ዝወሰደ ዝርርብ፡ ብዓርቢ ንግሆ ተጋባእቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን (ኤ.ዲ.ኪ.) ኣብ ስምምዕ በጺሖም ክብል ጋዜጠኛ ናይ ኣብ ሃገረ ሽወደን ዝመደበሩ ቲቪ ዘተ ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም ሓቢሩ። ጉባኤ ኤ.ዲ.ኪ.፡ ሓላፊ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ብመዝነት ዋና ጸሓፊ፡ ኣቶ ተወልደ ገብረስላሴ፥ ከምኡ እዉን ሓላፊ ሓጋጊ ቤት ጽሕፈት፡ ብመዝነት ኣቦ ወንበር ባይቶ፡ ኣቶ ዓብደላ መሓሙድ መሪጹ።

እዚ ጉባኤ፡ 13 ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ሓቑፉ ብዕለት 5 ግንቦት 2008 ኣብ ርእሰ ከተማ ሃገረ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ እዩ ተጀሚሩ። ኣብዚ ጉባኤ ካብ ሃገራት ሰንዓ ፎሩም፡ ማለት ካብ ሱዳን፣ ኢትዮጵያን የመንን ዝመጹ ዕዱማት ኣጋይሽ፣ ሓለፍትን ካልኦት ሰበስልጣንን ተረኺቦም ከምዝቀነዩ እቲ ምንጪ ወሲኹ ይገልጽ። ብተወሳኺ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ማለት ካብ ኤውሮፓ፣ ኣሜሪካን ምስራቕ ኣፍሪቃን ዝመጹ ወከልቲ በርገሳውያን ማሕበራት፣ ሃይማኖታውያን ካልኦት ውልቀሰባትን ኣብቲ ጉባኤ ተሳቲፎም ቀንዮም።

(ናብ ገጽ 2 ይቕጽል)

## መንግስቲ ካህናት ናብ ወትሃደራዊ መዓስከራት በስገዳድ ይልእኽ፥ “ንሕብረተሰበን ንሕልፈት ከገልግላ መብጽዓ ዝኣተዋ እየን” ድንግል

*መንግስቲ ኤርትራ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን፡ ኣብ ወትሃደራዊ ታዕሊም ብሓይሊ ንክኸተቡ ከምዘገድዶም ኣህጉራዊ ክርስቲያን ፖስት ዝተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ገሊጹ።*

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ሒደት ዝቑጽሮም ካህናትን ዲያቖናትን ካብ ወትሃደራዊ ታዕሊም ናጻ ክገብሮም ዝኽእል መንቀሳቀሲ ወረቀት ተሓዲስሎም። እቶም ዝበዝሑ ግን መንቀሳቀሲ ወረቀቶም ከምዝይሕደስ ተሓቢርዎም፥ ንወትሃደራዊ ታዕሊም ክወርዱ ድማ ተነጊርዎም ክብል እቲ ማዕከን ዜና ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ ዝዓበየ ኦርቶዶክሳዊ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ እንዳ ማርያም ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ እዩ። እዚ ቤተ-መቕደስ 96 ካህናት ኣለውዎ። ካብዚኣቶም ናይ ዓሰርተ ካህናት ጥራይ መንቀሳቀሲ ወረቀቶም ከምዝተሃደሰ እቲ ምንጪ ገሊጹ።

(ናብ ገጽ 5 ይቕጽል)

## ስኮትላንድ ሸውዓተ ብሉጻት ኤርትራውያን ኣትሌትስ ትሓቑፍ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኸኣ ኣብ ኡጋንዳ ዑቕባ ይሓቱ

ስኮትላንድ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ዝወዳደሩ ሸውዓተ ኤርትራውያን ኣትሌትስ ተዓዲላ ክብል ሄራልድ ዝተበህለ ማዕከን ዜና ብዕለት 4 ግንቦት ሓቢሩ።

ሰለስተ ኣወዳትን ሰለስተ ኣዋልድን ዝርከብዎም ኤርትራውያን፡ ኣብ ኢደንበርግ ስኮትላንድ ዝተኻየደ ኣህጉራዊ ቅድድም ጉያ እግሪ፡ ንኤርትራ ወኪሎም ክሳተፉ ካብ ኤርትራ ዝመጹ እዮም። ኩሎም ድማ ፖሊቲካዊ ዑቕባ ሓቲቶም፥ ናይ ስደተኛ መምበሪ ፍቓድ'ውን ተዋሂብዎም። ገለ ካብኣቶም ኣብ ዓበይቲ ኣህጉራዊ ግጥማት ማዳልያ ዝተዓወቱ እዮም፥ ካብ ዝርካቦም ዜጋታት ስኮትላንዳ ኸኣ ዝለዓለ ዓቕሚ ዘለዎም እዮም፥ ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ፓስፖርት ምስዝወሃቦም፡ ንብርጣንያን ስኮትላንድን ወኪሎም ክስለፉ ዝኽእሉ እዮም ክብል እቲ ምንጪ ወሲኹ ይገልጽ።

(ናብ ገጽ 6 ይቕጽል)



ኤርትራውያን ኣትሌትስ ኣብ ስኮትላንድ፤ ካብ ጸጋም ንየማን፡ ተወልደብርሃን መንግስተኣብ፣ ቺቺ ጀርሚያ፣ ጸጋይ ተወልደ፣ ኮኾብ መሓሪ

# ተቛውሞ ውድባት ኤርትራ...

(ካብ ገጽ 1 ዝቐጸለ)




ኣቶ ተወልደ ገብረስላሴ

(ስእሊ፡ ዓዋተ ዶት ኮም)

ብሓሙስ፡ ጉባኤ ኤ.ዲ.ኪ. ቻርተሩን ካልኡት ዘሰርሕዎ ሕግታትን ዘተይሉን ኣጽዲቅዎን። ኣብዞም ዝስዕቡ ክልተ ነጥብታት ድማ ናይ ሓባር መረዳእታ ከምዝበጽሐ ኣቶ መሓሪ ይገልጽ። (1) ዉሳነታት ኤ.ዲ.ኪ. ብሓባራዊ ስምምዕ ኩለን ኣባላት ዉድባት ክኸዉን፡ (2) ምምራጽ መሪሕነት ኸኣ ብድምጺ ብልጫ ክኸዉን።

ጉባኤ ኪዳን ንተጋባእቲ ዝፈታተን ሓያል ክርክር ገጢሙ ከምዝረበ ይሕበር። ይኹን እምበር ዉሕሉል ተሳታፍነትን ጸቕጥን ናይ ብተዓዛብነት ዝተኻፈሉ ወከልቲ ናይተን ፖለቲካዊ ሻራ ዘይብለን በርገሳውያን ማሕበራትን ናይቶም ኣብዚ ጉባኤ ዝተሳተፉ መንፈሳዉያን ኣቦታትን ብሱልን ሕዉነታዊ ኣቀራርባን፡ ከምኡ እዉን መራሕቲ ዉድባት ዘርእይዎ ንዝነበሩ ትሕትናን ክብረትን ዝነበሮ ሕድገትን ምስምማዕን መንጎኛታትን፡ ሕጂ እዉን ባቡር ጉባኤ ካብ ሓዲዱ ከይወጸ ንበዳህቲ ሕቶታት ብዓወት ሰጊሩ ይብል ጋዜጠኛ መሓሪ።

በተወሳኺ፡ ጉባኤ ሙሉእ ግዜኡም ንስራሓዉቲ ቃልሲ ዝነጥፉ ኣባላት፡ ማለት ካብ ነፍሲ ወከፍ ዉድብ ብሓደ ሰብ ዉክልና ተዋጺኡ 13 ዝኣባላቱ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ንኽቐውም ተወሲኑ። ንዝርዝር ናይ ኩሉ ዉሳኔታትን ስምምዓትን ከኣ ኪዳን ቀጺሉ ኣብ ዘዉጽኦ ወግዓዊ መግለጽታት ክሕበር ምኻኑ እቲ ምንጪ ገሊጹ።

ኣብዚ ጉባኤ ማዕከናት ዜና ዓለም፡ ማለት ቢቢሲን ራድዮ ድምጺ ኣሜሪካን፥ ከምኡ'ውን ማዕከናት ዜና ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝተሳተፉሉ እዩ ኔሩ፥ ኣብ መደባተን'ውን ከቃልሓኦ ቀንየን።

ኤ.ዲ.ኪ. 13 ኤርትራውያን ናይ ተቛውሞ ውድባት ዝሓቖፈ ኾይኑ ኣብ 2006 ዓመተ ማህረት እዩ ንፈለማ ተመስሪቱ። ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ቀዳማይ ስሩዕ ጉባኤኡ ኸኣ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ኣብ ሓደ ስምምዕ ክበጽሕ ስለዘይከኣለ ኣብ ክልተ ተገሚዑ። እዚ ክስተት'ዚ ንብዙሓት ተስፋ ጸቑረጸ ተርእዮ ምንባሩ ዝተፈላለዩ ወገናት ይገልጹ።

# ናጽነት፥ እንታይ እዩ'ኸ ናጽነት፥

ድሕሪ ሒደት መዓልታት፡ ዕለት 24 ግንቦት 2008፡ ኤርትራውያን መበል 17 ዓመት፡ በዓል ናጽነት ሃገርና እንኽብረላ ዕለት እያ። ምናልባት ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ልዕሌና ዝዘንብ ዘሎ ስግድግድ ዘብል ሓቅታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ "ኣበይ ዘሎ ናጽነት እዩ እዚ!" ኢልና ክንሓትት ንግደድ ንኸውን፥ "ናጽነት ዘይብልካ'ዶ መዓልቲ ናጽነት ይበዓል እዩ!" ዝብል ሕቶ'ውን ከነቕምጥ ንድረኽ ንኸውን። ግን'ኸ፡ እታ ዕለት እቲኣስ፡ ኤርትራና ካብ ሓደ መድረኽ ናይ ታሪኽ ናብቲ ሓደ ዝተሰጋገረትሉ፥ ካልእስ ይትረፍ ልኡላውነታ ከም ሃገር ዘረጋገጸትሉ ዕለት ስለዝኾነ፥ ኣብ ኣዝዩ ጸቢብ ወዋጥር ኣብ ዘለናሉ ህሞት ይኹን ብዘየገድስ፡ ብኽብሪ ተዘኪራ ክትውዕል ይግባእ።

ግን'ኸ፡ ኣብዚሰ ክንዝንግዖ ዘይግባእ መባእታዊ ሓቂ ኣሎ። ኣብዛ ዓለም ናጽነትናን መሰላትና ተዓቂቦም ከቢርናን ወነንቲ መጸኢ ህይወትናን ኮይንና ክንነብር ኢና ተፈጢርና። እዚ ስለዝኾነ እቲ ሓቂ ግን ናይ ግድን ናጽነትና ተኸቢሩ ንዘልኣለም ንነብር ማለት ኣይኮነን። ዝኾነ ካልእ ኣካል ናጽነት ከምጸልና ክንጸበ ኣለና ማለት'ውን ኣይኮነን፥ ከመይ፡ ናጽነት ብሓደ ውልቀ ሰብ፡ ወይ ብጉጅለ ወይ'ውን ብሓደ መንግስቲ ዝዕደል ህያብ ስለዘይኮነ። ጓይላን ዳንኬራን ናይ ዝገበርካ ዝወሓስ'ውን ኣይኮነን። ክብርናን ናጽነትናንሲ ኣብ ውሽጢ ነፍስ-ወከፍና እዮም ዘለው። በቲ ነፍስ-ወከፍና እንፍጽሞ ስረሓት ድማ ወይ ንኸብር ወይ ኸኣ ንሓስርን ኣብ ባርነትን ስደትን ከኣ ክንነብር ንግደድ።

መስርሕ ምውናን ናጽነትን ክብርን እንተኾነ ዘገም እናበለ ብቐጻሊ ጻዕሪ ናይ ኩልና ዝረጋገጽ ደኣምበር ኣብ ሓደ ታሪኻዊ ሁሞት ተረጋጊጹ ኢልካ መደምደምታ ትገብረሉ ጉዳይ ኣይኮነን። እቶም ዝሓለፉ ወለዶስ እቲ ንዓኣቶም ዝመስሎም ኣገባብ ተጠቂሞም፡ እቲ ንሶም ዝርድኦም ናጽነት ኣረጋጊጾም ሓሊፎም እዮም፥ ይሓልፉ'ውን ኣለው። ኪኖ እዚ ግን እቲ ዝበሃግ ናጽነትን ክብርን ናይ ምርግጋጽን ምዕቃብን ሓላፍነት ብሰፊሑ ኣብዚ ናይ ሕጂ ወለዶ ዝምርኮስ እዩ። እከለ ዶስ እከሊት እንዳበልና ምኽንያታትን ጓል መንገድን እንፈጥረሉ ኣብነት የልቦን።

ምናልባት ንገሌና ከቢድ ኮይኑ ይረኣየና ይኸውን። ናጽነትናን ክብርናን ንኽንዕቅብን ንኽንከላኸልን ግን ዝተራቐቐ ፍልጠት ክህልወካ ዝሓትት ኣይኮነን፥ ፍርሒ ስዒርና ደጋጊምና ክንለማመዶን ክንሰርሓሉን ጥራይ እዩ ዘድልየና። ብርግጽ ከምዚ ምፍጻም ይውሓድ ይዕበ ርእሱ ዝኸኣለ ዋጋ የኽፍል እዩ፥ ግን'ኸ እቲ ኻልኣይ ኣማራጽስ ኣብ ጭቕና፣ ፍሪሒ፣ ስደትን ድኽነትን ምንባር እዩ። እምበኣርሲ ነፍስ-ወከፍና ነዚ ዋጋ'ዚ ክንከፍሎ ቅሩባት ክንከውን ይግባእ፡ እንተደኣ ከም ህዝብን ሃገርን ከቢርና ናብ ጎደና ውሑሱን ቀጻልነት ዘለዎን ሰላም፣ ፍትሒን ምዕባለን ክንምርሽ ኮይንና።

## ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ንምስራቕን ቀርንን ኣፍሪቃ ዝምልከት ኮንፈረንስ ይሳተፍ

ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.)፡ ካብ ዕለት 28 ሚያዝያ ክሳብ 1 ግንቦት 2008፡ ብመርበብ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምብራቕን ቀርንን ኣፍሪቃ ዝተዳለወ፡ ንምንዳፍ ስትራተጂ ዝምልከት ኮንፈረንስ፡ ኣብ ካምፓላ ሃገረ ኡጋንዳ ተሳቲፉ።




መስራቲ ኣባል ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.፡ ምናሴ ተኽላይ፡ ኣባል እቲ መርበብ፡ ወይዘሮ ኤልሳ ጭሩም ብዘቕረበቶ ዕድመ መሰረት ኣብቲ ኮንፈረንስ ተሳቲፉ። ኣብቲ ኮንፈረንስ፡ ምናሴ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፥ ብፍላይ ድማ ንህሉው ኩነታት ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ሰፍሕ ዝበለ ጸብጻብ ንተሳተፍቲ ኣቕሪቡ።

"ካብ ኩሉኹም ኣብዚ ቅድመይ ዘለኹም፡ ኣነ ጥራይ ንበይነይ ካብ ሕምብርቲ ሃገረይ ዘይመጻእኹ ምኽንያቱ ኣዝዩ የሕዝነኒ" ብምባል ምናሴ መደረኡ ጀሚሩ። ኣብ ኤርትራ ንጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ካብ 2005 ዓመተ-ምህረት ኣትሒዙ ዝተቐየረ ነገር ከምዘየልቦ ንተሳተፍቲ ሓቢሩ፥ ብርግጽ፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ናጻ ኮይኖም ክዓዩ ዘፍቅድ ባይታ ዛጊት ኣይተፈጥረን። እኳ ድኣ ኣብ ሃገርይሲ፡ ጥብቅና ንሰብኣዊ መሰላት ከም ገበን እዩ ዝቑጸር ይብል።



ምናሴ ተኽላይ

ካብ ዓዲ ወጻኢ ግን፡ ቁጽሪ ኤርትራውያን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ማሕበራትን ብናህሪ እዩ ዝሕምብብ ዘሎ ይበል ምናሴ። ሓደ ካብዞም ማህበራት ድማ ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ምዃኑ ይሕብር። ንዕላማን ንጥፈታትን ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ዝምልከት ድማ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ምግሃስ መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላትን ንኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝምልከት ድቕቕ ዝበለ ሓበሬታ ኣቕሪቡ።

(ናብ ገጽ 7 ይቕጽል)

## ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ቁጥዐኡ ይገልጽ



ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ፡ ኤርትራ ንዓቃቢ ሰላም ሰራዊት ብሓይሊ ከምዝወጹ ብምግባራ ኣዝዮ ከዘቕጥየዎ ሮይተርስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ዜና ማዕከን ሓቢሩ። "እንታይ ዓይነት ግብረ-መልሲ ይወሰድ" ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ግን ኣብ ውሽጢ እዚ ወርሒ ክዘራረብሉ ከምዝተሰማዐ እቲ ዜና ወሲኹ ሓቢሩ።

ደቡብ ኣፍሪቃዊ ፕረሲደንት ባይቶ ጸጥታ፡ ኣምባሳደር ኩማሎ፡ ኩሎም ኣባል ሃገራት እቲ ባይቶ፡ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ዝገበረቶ ኣቀራርባ፡ ብዝኾነ ዓይነት መለክዒ ቅቡል ኣይኮነን፡ ዝብል ናይ ሓባር መረዳእታ ከምዝነበሮም ገሊጹ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣስታት ሓደ ሽሕን ሸውዓተ ሚእቲን ዝኾኑ ሰራዊቱ ካብ "ግዚያዊ ናይ ጸጥታ ቦታ" ከምዘውጽአ ይፍለጥ።

(ናብ ገጽ 4 ይቕጽል)

## ንዘረባ "መሰለይ" ተምጽኦ ንሓመድ ዱግሪ ተውጽኦ

ገና ዕሸል እንከለኹ ኢየ ምስ ጋዜጣታት "ኣብ ፍቕሪ ወዲቐ"። ኣብ 1980ታት ማለት ኢዩ። ኣብ ርእሲ ከተማ ኤርትራ፡ ከተማ ኣስመራ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ኣንበብቲ ጋዜጣ "ሕብረት" ኢየ ኔረ። እታ ሸሞንተ ገጽ ዝነበራ ጋዜጣ ካብ ኣርእስታ ክሳብ መጨረሽታ ኣርባዕተ ነጥቢ ከንብባ ከለኹ ሎሚ ኮይኑ ይስመዓኒ። እቲ ወትሩ እንክሓስቦ ፍሽኽ ዘብለኒ ነገር ድማ እቲ ኣብታ ጋዜጣ ንዝነበረ "ምልክታታት ቤት ፍርዲ" ከይተረፈ የንብቦ ምንባረይ ኢዩ። ምኽንያቱ ኣብቲ እዋን'ቲ ዘንብበሉ ዝነበርኩ ምኽንያት ፍልጠት ንምቕሳም ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ምንባብ ክእለተይ'ውን ንምምሕያሽ ካብ ዝብል ቅዱስ ዕላማ ዝተበገሰ ኢዩ።

ኣብ 1991 ኤርትራ ከም ሕዝቢ ዘይኮነስ ከም ሃገር ወይ ድማ ከም መሬት ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ናጻ ምስወጸት ድሕሪ መፋርቕ 1990ታትን ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትና ዓንቢበን ኣብ ዝነበራሉ እዋን ድማ ነቲ ናይ ምንባብ ሸውሃተይ ኣብ ምርዋይ ዓቢ ተራ ተጻዊተን ኢየን። እዚ ግን ክሳብ'ታ ብወግዒ ዝተዓጽዋላ ክሳብ መስከረም 18 / 2001 ኢዩ ቀጺሉ። ብድሕሩኡ ግን እተን ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ብምንባብ ዝረውየ ዝነበራ የዒንተይ ዘኽቲመን ኢየን።

ኣብ 2002 ብገንዘብ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብጋዜጠኝነት ንዘለዓለ ደረጃ (Masters degree) ንኽመሃር ንደቡብ ኣፍሪቃ ምስ መጻኹ ልክዕ ካብ ባሕሪ ተገፊዑ ዝጸንሐ'ሞ ተመሊሱ ናብ ባሕሪ ዝተደርበየ ዓሳ ዝስምዖ ዓይነት ስምዒት ኢዩ ፈጢሩለይ።

(ናብ ገጽ 9 ይቕጽል)

## ጅቡቲ ንኤርትራ ትኸስስ፡ ሃገረይን ልኡላውነተይን ክከላኸል እየ ኸኣ



ፕረሲደንት ጅቡቲ፡ ጉለህ

ፕረሲደንት ጂቡቲ፡ ኢስማዒል ዖማር ጉለህ፡ ወትሃደራት ጅቡቲ ኣብ ሓደገኛ ተፋጠጥ ምስ ወትሃደራት ኤርትራ ከምዘለው ገሊጾም ክብል ኣብ ሃገረ ፈረንሳ ዝመደበሩ ኣጀንስ ፍራንሲስ ፕረስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ማዕከን ዜና ትማሊ ገሊጹ።

“እቲ ኣብ ባይታ ዝርከብ፡ ሓደገኛ ጸገማት ክፈጥር ዝኽእል ተጻባኢ ኩነታት እዩ፥ ከመይ፡ መሬታዊ ሓድነትና ተጋሂሱ ስለዝርከብ፥ ዶባትና ተጣሒሱ ስለዘሎ” ይብሉ ፕረሲደንት ጉለህ ብዕለት 9 ግንቦት ኣብ ዘውጽእዎ መግለጺ።

“ክልቲኦም ሓይልታት ኣብ ተፋጠጥ ስለዝርከቡ ኣብ ፈታኒ ኩነታት ንርከብ ኣሎና። እቲ ክሳብ ኣብዚ እዋን ረኺብናዮ ዘሎና ሓበሬታ ግን ብሸነኽ ኤርትራ ውግእ ናይ ምኽፋት ድሌት ከምዘየሎ እዩ ዘርእይ” ይብሉ ወሲኾም።

መንግስቲ ጅቡቲ፡ ኣብ መፋርቕ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ፡ “ሰራዊት ኤርትራ ብሸነኽ ራስ ዱሜራ ንዶባት ጅቡቲ ጥሒሶም ኣትዮም፥ ድፋዓት'ውን ክሰርሑ ጀሚሮም” ዝብል ክሲ ኣቕሪቡ ምንባሩ ይፍለጥ…

(ናብ ገጽ 7 ይቕጽል)

## ኣቶ ናይዝጊ ክፍሉ፡ “ማቾላዮ”

ኣቶ ናይዝጊ ክፍሉ፡ ብትእዛዝ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ናብ ኤርትራ ንኽምለስ ይቀራረብ ከምዘሎ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመደበሩ ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት- ኤርትራ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ማሕበር ሓቢሩ። ምንጭታት ከምዝሓበርዎ ኣቶ ናይዝጊ ብምኽንያት ኩነታት ጥዕንኡ ናብ ኤርትራ ክምለስ መደብ ከምዘይነበሮ እዩ ዝፍለጥ፥ እዚ ናይ ሕጂ ናይ ምምላስ ትእዛዝ እንተኾነ ሃንደበት ሙኻኑ እዩ።



ወይዘሮ ኤልሳ ጭሩም

ኤልሳቤት ጭሩም፡ ሓላፊት ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት - ኤርትራ፡ ንምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዝምልከት መጽናዕቲ ተካይድ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ብኣቶ ናይዝጊ ዝተፈጸሙ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ክትፈልጥ ኪኢላ። ምስ ሓደ ካብ ግዳያት ኣቶ ናይዝጊ፥ ከምኡ'ውን ምስ ብኣቶ ናይዝጊ ዝተፈጸሙ ግፍዕታት ዝፈልጡ መሰኻኽር ድሕሪ ምምይያጥ፥ ካብዚ ብምብጋስ ኸኣ ምስ ኣብ ለንደን ዝመደበሩ ሪድረስ ተባሂሉ ዝፍለጥ፡…

(ናብ ገጽ 8 ይቕጽል)

## ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ…

(ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ)

መንግስቲ ኤርትራ፡ እቲ ጸገም ክፍጠር ዝኽኣለ፡ ሕጽረት ነዳዲን ምግብን ዳርጋ ኣብ ምሉእ ሃገር ስለዝተኸሰተ እዩ ክብል'ኳ እንተጸንሐ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግን ፕረሲደንት ኢሰያስ ህላወ ዓቃቢ ሰላም ሰራዊት ብመሰረቱ ሕጋዊ ኣይኮነን ኢሉ። ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ዓቃቢ ሰላም ሰራዊት ተጻብኦታት ንኸተካይድ ዝወሰነትሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ኮምሽን ዶብ ዝሃቦ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ንኽፈጽም ኣይከኣለን ካብ ዝብል ርድኢት ዝተበገሰ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ወገናት ይጠቅሱ።

ኣምባሳደር ኩማሎ፡ ኤርትራ ምኽኑይ ዝኾነ ቕሬታ ከምዘለዋ ኣይሓብኣን፥ “ነዚ ጉዳይ ክንሓስበሉ ግዜ የድልየና እዩ” ኸኣ ኢሉ። ዋላ'ኳ ክልቲኦም ወገናት ንውግእ ዝዓለመ መደባት ከምዘይብሎም እንተሓበሩ፡ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባን ኪ ሙን፡ ንባይቶ ጸጥታ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ግን ምስሓብ ዓቃብ ሰላም ካብ ናይ ጸጥታ ቦታ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ውግእ ከኸትል ከምዝኽል ኣጠንቂቑ።

ሓለቃ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት፡ ጂን ማሪ ጉሄርሞ፡ ንባይቶ ጸጥታ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ብወገኑ “ክልቲኤን ሃገራት ነቲ ኣቀዲመን ዝኣተውኦ መብጽዓ ከኽብራ እንተዘይክኢለን፡ ሕቡራት ሃገራት ዕላማታቱ ከረጋግጽ ኣይክእልን እዩ” ኢሉ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ብይን ብዘይቅድመኩነት ተቐቢልዎ ከብቕዕ ምስ ኤርትራ ክዘራረብ ይደሊ እየ ይብል። መንግስቲ ኤርትራ ግን ንቕድም ወትሃደራት ኢትዮጵያ ካብ መሬት ኤርትራ ክስሕቡ ኣለዎም ይብል። ካብ ዝሓለፉ ሒደት ኣዋርሕ ኣትሒዞም ድማ ክልቲኦም ወገናት በሽሓት ዝቑጸሩ ወትሃደራት ናብ ዶብ ኣጸጊኦም ኣለው።

ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣለጃንድሮ ዎልፍ ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ንኤርትራ ዝኹንን፡ ሓያል ናይ ቅሬታ ስምዒት ከምዝነበረ ይገልጽ። “ኤርትራ ናይ ገዛእ-ርእሳ ቁስሊ ባዕላ ትጎድእ ኣላ” ድማ ኢሉ። ንተግባራታ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ገዚፍ ዋጋ ክትከፍለሉ እያ ብምባል ድማ የጠንቀቐ።




ድምጺ መሰልና ደሊና፡

1) ሰኑይ በቆጸጽራ ኤርትራ ካብ ሰዓት 9፡00 – 9፡30 ድሕሪ ቀትሪ

2) ዓርቢ በቆጸጽራ ኤርትራ ካብ ሰዓት 9፡00 – 9፡30 ድሕሪ ቀትሪ

ብ 11885 khz ኪሎ ሄርዝ ብ ቛንቛ ትግርኛ ናብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝመሓላለፍ ናይ ራድዮ መደብ እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፦
http://vodm.asmarino.com/

# መንግስቲ ካህናት ናብ ወትሃደራዊ...

*(ካብ ገጽ 1 ዝቐጸለ)*



እንዳ ማርያም፡ ኣስመራ

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ገጠራት ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዓዲ፡ ዓሰርተ ጥራይ ኣገልግሎት ክህቡ ተፈቒድዎም። ዝተረፉ ዕድሚኦም ትሕቲ ሓሙሳ እንተኾይኑ ንወትሃደራዊ ታዕሊም ክብገሱ ተሓቢርዎም።

ብተወሳኺ፡ እዚ ሓዲሽ ዘመተ፡ ኣብ ቤተ-ክርስትያናት ጥራይ ዝሕጸር ዘይኮነስ፡ ነቶም ኣብ ገዳማት ከገልግሉ ዝጸንሑ ካህናትን ዲያቖናትን እውን ናብ ወትሃደራዊ ታዕሊም ንክኸተቡ ዝድርኽ እዩ።

ኣብ 2006፡ መንስግቲ ነቲ "ካህናት ካብ ወትሃደራዊ ታዕሊም ናጻ ይኹኑ" ዝብል መምርሒ ክስርዞ ምኽኑ ንኹለን ቤተ-ክርስትያናት ኤርትራ ሓቢሩ ከምዝነበረ ይዝከር።

ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ካብ ኩለን ቤተ-ክርስትያናት፡ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ጥራይ ነዚ ስጉምቲ ኣትሪራ ከምዝተቛወመቶ ይፍለጥ።

ንኣብነት፡ "እንዳ ፍቕሪ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣብ ገጀረት ዝርከብ ቤት-ትምህርቲ ደናግል፡ ንተምሃሮ በስገዳድ ክገፉ ንዝመጹ ወትሃደራት ተሪር ተቛውሞ ካብ ርእሰ-መምህል እቲ ቤት-ትምህርቲ ከምዘጋጠሞም ይፍለጥ።

"ንስኹም ንዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ንሃገር ከገልግላ ኣለወን ትብሉ ኣለኹም፥ እዘን ደናግል ግን ንሕብረተሰበን ንሕልፈት ከገልግላ ንልዕል ፈጣሪ መብጽዓ ዝኣተዋ ደቂ ኣንስትዮ ምኻነን ክዝንጋዕ ይብሉን" ብምባል እተን ድንግል ነቶም ወትሃደራት ናብ ሓጹር ግቢ እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ምእታው ከምዝኸልከልኦም ይዝከር።

በንጻሩ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ካሕናት ኦርቶደክሳዊት ቤተ-ክርስትያን፡ ነዚ ሓድሽ መምርሒ፡ ማለት "ኣገልገልቲ ወይ ካህናት ቤተክርስትያን ኣብ ወትሃደራዊ ታዕሊም ክኸተቡ ኣለዎም" ዝብል መምርሒ ሃንጎፋይ ኢሎም ከምዝተቀበልዎ ይንገር። ከም ሳዕቤኑ፡ ሎሚ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ግፋ ኣብ ልዕሊ ካህናትን ዲያቖናትን ብዝሰፍሐ ምልክዑ ተተሓሒዞሞ ይርከቡ።



ተጻብኦ ኣብ ልዕሊ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ብተዛማዲ ሓድሽ ተርእዮ ምኻኑ ብዙሓት ምንጭታት ይሕብሩ። ቅድሚ ሕጂ፡ ግፋን ማእሰርትን ኣብ ልዕሊ መራሕትን ኣመንትን ጆህቫ፣ ጴንተኮስታልን ኢቫንጀሊካልን ጥራይ እዩ ተሓጺሩ ጸኒሑ። ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ግን መንግስቲ ጎነጻዊ ተግባራት ኣብ ልዕሊ ካህናትን ዲያቖናትን ኦርተዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ከፈጽም ከምዝጸንሐ እዩ ዝንገር።

ፓትሪያርክ ኤርትራ፡ ኣቡነ ኣንጠንዮስ፡ ርእሰ-ሓላፊ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ካብ ጥሪ 2006 ኣትሒዞም ናይ ገዛ እሱር ኮይኖም ከምዝጸንሑ ይፍለጥ። ንኣቡን እዚ ሓደጋ ከጋጥሞም ዝኸኣለ፡ ኢድ-ኣእታውነት መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ቤተ-ክርስትያናት ስለዝተቛወሙ እዮም። መንግስቲ ባዕሉ ዝመረጾም ካህን ኣብ ቦታ ፓትሪያርክ ኦርቶዶክሳዊት ኤርትራ፡ ከምዘቐመጠ'ውን ይዝከር።

ብዙሓት ወገናት፡ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ቤተ-ክርስትያናት ኤርትራን ኣገልገልተንን መራሕተንን ዝትግበሩ ስጉምታት ኣትሪሮም ይቃወሙ። ዓበይትን ለባማትን ካህናት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ "ኣገልገልቲ ቤተ-ክርስትያን ናብ ዝዋግኡ ወትሃደራት ምቕያር ማለት፡ ንህዝቢ ካብ መንፈሳውን ሞራላውን ኣተሓሳስባታት ርሒቁ ንኽነብር ምግዳድ ማለት እዩ" ይብሉ።

ኣብ ኤርትራ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ዝኾኑ ኣመንትን መራሕትን ዝተፈላለያ ቤተ-ክርስትያናት ኤርትራ ኣብ ኮንተይነራትን ካልኦት ናይ ስቓይ መኻዚኖታትን ተዳጉኖም ከምዝርከቡ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ይሕብሩ።

# ስኮትላንድ ሸውዓተ ብሉጻት ኤርትራውያን...

*(ካብ ገጽ 1 ዝቐጸለ)*

ኣብ ኤርትራ ኸለው ኣብ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ዓስኪሮም ዝነበሩ ኮይኖም፥ ኣብኡ'ውን ንኽዋግኡ ወይ ብዘይ ዓስቢ ንኽሰርሑ ይገደዱ ከምዝነበሩ እቶም ስፖርተኛታት ይሕብሩ። ኣብ ስኮትላንድ ዝነብሩ ኤርትራውያን ነዚ ባርነት እዩ ብምባል ይገልጽዎ። ዒስራ ሚእታዊት ካብ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ፡ ኣብዚ ወትሃደራዊ ዕስክርና ተወፊሩ ከምዝርከብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ይሕብሩ።

መብዛሕትኦም ካብዞም ስፖርተኛታት ኣብ ገጠራት ኤርትራ ዝዓበዩ እዮም። ዕድሜኦም ካብ 18 ክሳብ 29 ይበጽሕ። ኮይኑ ግን፡ ስደት ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገም ክፈጥረሎም ከምዝኽእል ይንገር።

ኣቶ ኣኅስቲኖ ደስታ ነቶም ስፖርተኛታት ኣብ ምሕጋዝ ዝለዓለ ተራ ክጻወት ዝጸንሐ እዩ። ንሱ ቅድሚ 18 ዓመታት ንስኮትላንድ ዝተሰደ ኤርትራዊ ዜጋ ኾይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ተጋዳላይ ዝነበረ እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኣቦ ሰለስተ ቖልዑ እዩ። ብዛዕባ ኩነታቶም ክገልጽ ከሎ ኸኣ፦

> *ኣብቲ መጀመርታ ክፋለጦም ከለኹ፡ ኣዝዮም ርዒዶም ኔሮም። ከመይ፡ ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ዝተልኣኹኹ ስለዝመሰሎም። ጸኒሖም ግን ኣብ ልዕለይ እምነት ክሕድሩ ጀሚሮም። ናብ ወትሃደራዊ ዕስክርና ኤርትራ ክምለሱ ከምዘይደልዩ ድማ ገሊጾምለይ፥ ህይወቶም ከድሕኖም'ውን ተማሕጺኖምኒ። ስደተኛታት እንተኾይንኩም፥ እሞ ድማ ትገብርዎ ነገር እንተዘይብልኩም፥ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ክጋጥመኩም እዩ ኢለዮም። እቲ ምንታይሲ ኣብ ስደት ጭንቀት ናይ መዓልታዊ ተርእዮ ስለዝኾነ። እዚ ስለዝኾነ እዩ ድማ ብዝተኻኣለና መጠን ንስደተኛታት ክንተሓባበሮም ንግደድ። እዞም ቖልዑ ንቤቶም ክምለሱ ስለዘይክእሉ፡ ምስ ቤተሰቦም'ውን ደጊሞም ክራኸቡ ስለዘይክእሉ ጭንቀት ክፈጥረሎም እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ኤርትራ ስድራቤት እቶም ንስደት ዝኸዱ ደቖም ይእሰሩ ወይ ኸኣ 50000 ናቕፋ ንክኸፍሉ ይሕተቱ እዮም። እዞም ቖልዑ'ውን ስድራቤቶም ኣብ ጸገም ንኸይወድቑ ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ስግኣት እዮም ዝርከቡ።*

ሓደ ካብዞም ስፖርተኛታት፡ ኣማኑኤል ወልደስላሴ ሓጎስ ዝበሃል ወዲ 29 ዓመት እዩ። ኣብ ኣርባዕተ ኣህጉራውያን ቅድድም ጉያ እግሪ ዝተሳተፈ ኸኣ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ 11 ዓመታት ክንዲ ናቱ ፍጥነት ዝበጽሐ ስኮትላንዳዊ ተቐዳዳማይ የልቦን። ኣማኑኤል ይብል፦

> *ወትሃደራት ናብ ቤት ትምህርትና መጺኦም ንኹላህና ተምሃሮም ገፊፎም ናብ ወትሃደራዊ ታዕሊም ክወስዱና ከለው፡ ኣነ ናይ 11 ክፍሊ ተምሃራይ እየ ኔረ። ድሌተይ ትምህርተይ ክቕጽል እዩ ኔሩ። ግና'ኸ ናብ ወትሃደራዊ ታዕሊም ተወሲደ፥ ወትሃደር ኸኣ ኮይነ። ሓንሳብ ወትሃደር ምስኮንካ ድማ ክሳብ ልዕሊ 40 ዓመት ዝኸውን ዕድሜኻ ኣብኡ ክትጸንሕ ትግደድ።*

እዞም ስፖርተኛታት ድኣ ኣዝዮም ዕድለኛታት እንደኣሎም፥ ናብዚ ናቶም ደረጃ ንኽበጽሑ ክንደይ ጸገማት ዘጋጥሞም ዘልዉ ዜጋታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም ይብል ኣቶ ኣኅስቲኖ። ካብ ወትሃደራዊ መዓስከራት ከምልጡ ኣለዎም። ዶብ ኣብ ምስግርኑ እዋን ብጥይት ክቕተሉ ይኽእሉ፥ ካብዚ'ውን ከምልጡ ኣለዎም። ምድረ በዳ ሳህራ ሰጊሮም ናብ ሊብያ ይበጽሑ፥ ኣብዚ ጉዕዞ እዚ'ውን ብጽምኢ ማይ ካብዛ ዓለም ብሞት ዝፍለዩ ብዙሓት እዮም። ጃልባ ጌሮም ንማእከላይ ባሕሪ ክሰግሩ ይገደዱ፥ ኣብዚ ኸኣ ዝጥሕሉ ማእለያ የብሎምን። ኩሎም እዚኣቶም ግን ወትሃደራት ኣይኮኑን፥ ተገዲዶም ንባርነት ዝተፈርዱ ደቂ ሰባት እዮም። የሕዝን እዩ፡ ኣብ 2008 ዓመተ ምህረትሲ፡ ንሕና ጥራይ ከም ህዝቢ ኣብ ባርነት ንነብር ኣሎና ይብል ኣቶ ኣኅስቲኖ።

መግረፍቲ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ኣባላት ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ገኒኑ እዩ ዝርከብ ይብል ኣቶ ኣኅስቲኖ ብምቕጻል። ሄሊኮፕተርን ኣልማዝን ተባሂሎም ዝስመዩ ናይ ስቓይ ኣገባብት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ብቐጻሊ ከምዝፍጸሙ'ውን ኣይሓብአን፥ ከምኡ'ውን ዜጋታት ኣብ ኮንተይነር ከምዝእሰሩ።

ሚስተር ነይል ባርነስ ስኮትላንዳዊ ጠበቓ እዩ። ብዙሓት ንኤርትራውያን ዝምልከቱ ጉዳያት ከምዘጋጠምዎ ድማ ይገልጽ፡ "እቶም ዝቐርቡ ጉዳያት ንሃይማኖት ወይ ፖለቲካ ዝምልከቱ እዮም። ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ካብ ኤርትራ ምስትወጽእ ወይ ወጺኻ ምስዘትምለስ፡ እቲ ጉዳይ ብቐጥታ ፖለቲካዊ ቅርጺ ይሕዝ" ይብል ሚስተር ባርነስ።

እቶም ስፖርተኛታት ምስ ሸተልስቶን ሃሪየሪስ ተባሂላ ትፍለጥ ስኮትላንዳዊት ጋንታ ተጸንቢሮም ይርከቡ። ንበታ ጋንታን ብኤርትራውያን ተቐማጦ ስኮትላንድን ዝተገብረሎም ምውቕ ኣቀባብላ ድማ ሞጊሶም። ንኤርትራ ክምለሱ ድሉዋት ኣይኮኑን፥ ንስኮትላድ ወኪሎም ክወዳደሩ ኸኣ ፍቓደኛታት ምዃኖም ይገልጹ። "ኣብዝስ ንመውኣልካ እንተትቕመጥ" ይብል ጸጋይ ተወልደ፡ ሓደ ካብቶም ስፖርተኛታት።

ብተመሳሳሊ፡ ሓሙሽተ ኣባላት ሃገራዊት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ብርሃነ ኣረጋይ፣ ፊልሞን ጠዓመ፣ መብራህቱ ኣምለሶም ሰለስቲኦም ካብ ጋንታ ደንደን፡ ሚኪኤል ነጋሲ ካብ ጋንታ ኣስመራ ቢራ፡ ተስፋማርያም መዓሾ ካብ ጋንታ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ከተማ ካምፓላ ሃገረ ኡጋንዳ ብዕለት 12 ሚያዝያ 2008 ፖለቲካዊ ዑቕባ ከም ዝሓተቱ ድምጺ መሰልና ደሊና ሓቢራ።

ሰበስልጣን ኤርትራ ነዚ ዝምልከት ዛጊት ዝሃብዎ ወግዓዊ ቃል የልቦን፥ ወትሃደራውያና መኳንንቲ ሓለፍቲ ስፖርታዊ ጉዳይት ኤርትራ ግን ንስፖርታውያን ናብ ወጻኢ ሃገራት ምልኣኽ ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ዳግመ ግምት ክግበረሉ ምዃኖም ዝሕብሩ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ኣለው።

## ጅቡቲ ንኤርትራ ....

(ካብ ገጽ 4 ዝቐጸለ)



ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን'ውን ጥርዓኑ ናብ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፣ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ከምዘቕረበ ይዝከር፥ ድሮ'ውን እቲ ጉዳይ ኣዝዩ ከምዘተሓሳሰቦም ገሊጾም ኣለዉ።

መንግስቲ ኤርትራ ግን ነዚ ብመንግስቲ ጂቡቲ ዝቐረበ ክሲ ይነጽጎ። ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ማሕበር ሃገራት ኤውሮፓ፡ ኣቶ ግርማ ኣስመሮም፡ ብዛዕባ እዚ ክሲ "ኣዝዩ ከምዘደንጸዎም" ይገልጹ። "ከምዚ ዓይነት ጸገም ምስ ጂቡቲ የብልናን፥ ዝኾነ ዓይነት ጸገም'ውን ኣጋጢሙና ኣይፈልጥን" ኸኣ ይብሉ ኣምባሳደር ግርማ።

ፕረሲደንት ጉለህ ግን ዳንነት ማሕበረሰብ ዓለም እንተፈሺሉ፡ ጅቡቲ ትርር ዝበለ መርገጺ ክትወስድ ምዃና የጠንቀቑ። "ሃገርናን ልኡላውነትናን ክንከላኸል ክንግደድ ኢና፥ ከመይ ሃገራዊ ግቡኣይ ስለዝኾነ" ይብሉ ጉለህ ብምቕጻል።

እዚ ምስሕሓብ ኤርትራን ጅቡትን ብዙሕ ኑጹር ኣይኮነን። ካብ ቤት ጽሕፈታት ኣስመራ ዝመጹ ዘይወግዓውያን ወረታት ንኣብነት፡ "እዚ ኮነ ኢልካ፡ ብመንግስታት ኣሜሪካን ኢትዮጵያን ዝተኣልመ፡ ንመንግስቲ ጂቡቲ ከም መሳትሒ ተጠቂምካ፡ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ዘመተ እዩ። ዕላማኡ ኸኣ ንመንግስቲ ኤርትራ ህውከተኛን ጸረ ሰላምን ዝብል ስም ንኽስከም፡ ዓለም ድማ ንኽትክዕቦ ተባሂሉ ዝግበር እዩ" ይብል።

ካልኦት ድማ "መስርሕ ሰላምን ዕርቕን ኣብ መንጎ እቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝድገፍ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማልን እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኣስመራ ዝተመስረተ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን ካብ ኤርትራ ጠቕሊሉ ወጺኡ ዝርከብ እስላማዊ ግንባር ሶማልን ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ጅቡቲ ይካየድ ስለዘሎ፥ መንግስቲ ኤርትራ ኸኣ በዚ ሕጉስ ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነስ ከበርዕኖ'ውን ድሌት ስለዘለዎ ዝፍጸሞ ዘሎ ሽርሓት እዩ" ይብሉ።

ከምዝፍለጥ ምስሕሓብ መንግስታት ኤርትራን ጅቡትን ሎሚ ንፈለማ ዝኽሰት ዘሎ ኩነት ኩነት ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ክልቲኦም መንግስታት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ ክልተ ኣጋጣሚታት ተሰሓሒቦም ኔሮም እዮም። እቲ ሓደ ኣብ 1996 እዩ። ኣብቲ እዋን መንግስቲ ጅቡቲ "ኤርትራ ኣብ ከባቢ ራስ ዱሜራ ደብዳብ ሮኬታት ኣካይዳ" ዝብል ክስ ኣቕሪቡ ከምዝነበረ ይዝከር። እቲ ኻልኣይ ድማ ኣብ 1999 ኮይኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ "ጅቡቲ ምስ ኢትዮጵያ ወጊና" ኢሉ ክኸሰስ ከሎ፥ መንግስቲ ጅቡቲ ብወገኑ "ኤርትራ ተቓወምቲ ጅቡቲ ትሕብሕብ ኣላ" ዝብል ክሲ ኣቕሪቡ ኔሩ።

## ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ንምስራቕን ቀርንን...

(ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ)




"ዝተፈላለዩ መሰኻኽር ከምዝገልጽዎ" ይብል ምናሴ "ኣብ መናድቕ መመርምሪ ክፍሊ ቤት ማእሰርታት ኤርትራ፡ ቀዳማይ "እቲ መልእኽቲ እንተዘይፈቲኻዮ፡ ቕተሎ ነቲ መልእክተኛ"፡ ካልኣይ ድማ "ቕድሚኻ መን ከምዝሞተ ትፈልጥ`ዶ፧" ዝብሉ ጭርሖታት ተለጢፎም ንረኽቦም" ክብል ንተሳተፍቲ ሓቢሩ። እዚ ካብቲ ቀንዲ ንኣቓልቦ ተሳተፍቲ ዝሰሓበ ጉዳይ እዩ ኔሩ።

ኣብ መወዳእታ መደርኡ፡ ምናሴ ንኹሎም ተሳተፍቲ እንተወደ ምስ ኣብ ሃገሮም ዝርከብ ንስደተኛታት ዝከታተል ወኪል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክዘራረቡን፡ ንጸገም ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ምቕላል ድማ ልዑል ተራ ንኽጻወቱ ጻውዒት ኣቕሪቡ።

ብተወሳኺ፡ ምናሴ ምስ ኣቦ-ወንበር እቲ መርበብ፡ ሚስተር ሓሰን ሺረን ምስ ዳይሪክቶር ፊንላንዳዊ ግብረሰናይ ማሕበር፡ ኤሊዛ ሚኮላን ፍሉይን ውልቃውን ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብዚ ኣኼባ ምስ ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ከዓሞም ዝሕልን ዘሎ ፕሮጀክትታት ኣላልዩዎም። ገንዘባውን ንዋታውን ሓገዝ ኣብ ምርካብ ድማ ዝከኣሎም ክጽዕሩ ምዃኖም ክልቲኦም ንምናሴ ቃል ኣትዮምሉ።

ኣብዚ ኮንፈረንስ፡ ካብ ጂቡቲ፣ ኢትዮጵያ፣ ኬንያ፣ ሶማልያ፣ ሶማሊላንድ፣ ሱዳን ደቡብ ሱዳን፣ ታንዛንያ፣ ኡጋንዳ፣ ሩዋንዳን ብሩንድን ዝመጹ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ተሳቲፎም። ነቲ መርበብ ዝምልከት ናይ ሰለስተ ዓመት (2009-2011) ስትራተጂካዊ ውጥን ድማ ሓንጺጾም።

መርበብ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምብራቕን ቀርንን ኣፍሪቃ ብ55 ኣባላት ዝቖመ ኾይኑ፡ ዕላማኡ ኣብ ዞባ ምብራቕን ቀርንን ኣፍሪቃ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ዜጋታት ንኽኽበር ዝጽዕት መርበብ እዩ።



# ኣቶ ናይዝጊ...

(ካብ ገጽ 4 ዝቐጸለ)

ንግዳያት መግረፍትን ስቕያትን ዝተሓጋገዝ ትካል ኣብ ሕዳር 2005 እንታይ ክግበር ከምዝካኣል ተመያየጠት።

ትካል ሪድረስ፡ ነቲ ጉዳይ ድሕሪ ምምርማር ንኤልሳቤት ናብ ሜትሮፖሊስ ዓዲ እንግሊዝ ብምኻድ ብመሰረት ዓንቀጽ 134 ገበናዊ ሕጊ 1988 መሰረት፡ ክሲ ንክትምስርት ዝክእል ኣጋጣምታት ኣብ ምምርማር ተሓባበርዋ።

ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ጥርዓን፡ ሜትሮፖሊስ መንግስታዊ ትካል ዓዲ እንግሊዝ፡ ነቲ ብኣቶ ናይዝጊ ተፈጺሙ ዝብሃል ገበን ከጻሪዮ ጀመረ። ንሰለስተ መሰኻክር ድሕሪ ምዝርራብ፡ ኣብ 2007 እቲ ጉዳይ ናብ ኣኽባር ሕጊ ቀሪቡ። እቶም ነቲ ጉዳይ ዘጻርዩ ዝነበሩ ኣካላት፡ እኹል መርትዖን መሰኻኽርን ምስዝርኸቡ፡ ንኣቶ ናይዝጊ ክሲ ከቕርቡሎም ከምዝኽእሉን እቲ ጉዳይ ኸኣ ክፉት ከምዝሎን ንኤልሳቤትን ንትካል ሪድረስን ብቓሎም ከምዘረጋገጹሎም ይፍለጥ።

ወይዘሮ ኤልሳቤት፡ ንኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ግዳያት ኣቶ ናይዝጊ ዝኾኑ ዜጋታት ክትረክብ ከምዝኻኣለት እንተኾነ ግን እቶም መሰካክር ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብቲ ጉዳይ ከም መሰኻኽር ንኽቐርቡ ፍቓደኛታት ክኾኑ ዛጊት ኣይወሰኑን። በዚ መሰረት እምበኣር እቲ ጉዳይ ተንጠልጢሉ ንቕድሚት ክስጉም ኣይክኣለን።

ኤልሳቤትን ሪድረስን፡ ሓደ ካብ ግዳያት ኣቶ ናይዝጊ ዝኾነ ውልቐ-ሰብን መሰኻኽርን ምስዝቀርብ ንኣቶ ናይዝጊ ብናይ ግፍዒ ገበን ክኽሰሶ ይክእል እዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለዎም። ጸዕርታቶም ድማ ቐጻሊ ምዃኑ ይገልጹ።

ጠንቂ ናይዚ ሃንደበታዊ ምምላስ ኣቶ ናይዝጊ ክፍሉ ናብ ኤርትራ፧ እቲ ብሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት-ኤርትራን ጋዜጠኛታት ብዘይዶብ ተባሂሀሉ ዝፍለጥ ኣብ ሃገረ ፈረንሳ ዝመደበሩ ትካልን፡ ነቶም ግዳያት ብምውካል ኣቶ ናይዝጊ ክፍሉ ፈጺምዎም ዝብሃሉ ገበናት ናብ ህዝቢ ዓባይ ብርጣንያን ማሕበረሰብ ዓለምን ንምቕልሑ ኣብ ዝቃራረብሉ ዘለው እዋን እዩ።



ኣቶ ናይዝጊ ክፍሉ

ንክልቲኦም መንግስታት፡ ማለት መንግስቲ እንግሊዝን ኤርትራን፡ ካብቲ ክስዕብ ዝኽእል ሕንክት ንምድሓን፡ ወጻኢ ጉዳያት ዓባይ ብሪጣንያ፡ ኣቶ ናይዝጊ ካብታ ሃገር ብቁልጡፍ ምውጽኡ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ምዃኑ ንመንግስቲ ኤርትራን ኣቶ ናይዝጊን ብዝሃብዎም ምኽሪ መሰረት እዩ ዝብል ግምታት ኣሎ። እቲ ጉዳይ ብሰፊሑ ኣብ ዝቕጽል ጸብጻብ ጋዜጠኛታት ብዘይዶብ ክወጽእ ሙኳኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣቶ ናይዝጊ ክፍሉ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ምክትል ኣመሓዳሪ ሓለዋ ሰውራ ኮይኖም ማእለያ ዘይብሎም ጭካነ ዝመልአ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ንጹሃን ተጋደልቲ ዝፈጸመ ምዃኑ ይሕበር፥ በዚ ድማ ማቸላዮ (ሓራዲ ስጋ) ዝብል ቅጽል ስም ከምዝተዋህቦም ይፍለጥ። ኣብ ድሕሪ ናጽነት እውን ምክትል ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት፣ ሚኒስትሪ ዜናን ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያትን ኮይኖም ዝተፈላለዩ ገበናት ክፍጽሙ ከምዝጸንሑ ይፍለጥ።

ኣቶ ናይዝጊ፡ ካብ 2005 ኣትሒዞም ብጥዕና ምኽንያት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ጸኒሖም።

# ምቅንጃው ገድሊ

(ቀዳማይ ክፋል)

*እዚ ጽሑፍ ብዮሴፍ ገብረሂወት፡ ብቛንቛ እንግሊዝኛ፡ ኣብ ኣስማሪኖ ዳት ኮም ብዕለት 12 መጋቢት 2008 ዝተዘርግሐ እዩ። ብዙሕ ክትዓት ከላዕል ከምዝጸንሐ'ውን ይፍለጥ። ካብ ዝተፈላላዩ ወገናት ናብ ቛንቛ ትግርኛ ንኽትርጎም ዝጠልብ ጸውዒት ክውሕዙ ጸኒሖም እዮም። ነዚ ጠለብ'ዚ ንምምላእ ድማ፡ ተተርጉሙ በብዕለቱ ኣብዚ ዓምዲ ክቐርብ እዩ። ኣብ ምትርጓሙ ከጋጥሙ ንዝኽእሉ ጌጋታት፡ ኣዳለውቲ ጋዜጣ መሰለይ ብሓላፍነት ይሕተቱ።*

*መእተዊ*

ኣብዚ እዋን፡ ሓደ ካብቶም ንህዝቢ ኤርትራ ኣጋጢሞሞ ዘለው ጸገማት ኣብ ልዕሊ ተቓናጅዩ ዝቐረበ ገድሊ ዘለዎም ኣምልኾ ክርሕርሕዎ ፍቓደኛታት ብዘይምኳኖም እዩ። ምቅንጃው ንሓደ ሃገር ክቀትል እንተኾይኑ፡ ከምዚ ናይ ኤርትራ እዩ። እቲ ጉዳይ ሓንቲ ሃገር ንሓደ እምነት ምቕታል እንተዝኸውን ኔሩ ክንደይ ባህ ምበለኒ፥ ብኣንጻሩ ሓደ እምነት ሃገር ክቕትል ከሎ ምዕዛብ ግን ኣዝዩ እዩ ዘሕዝን።

ስነ-ሓሳብ ገድልን ምስኡ ተደራቢም ዝቀርቡ ነገራትን ወሲኽካ፡ ነቲ ንነዊሕ እዋን ኣብ እንግድዑ ተሰኪምዎ ዝጸንሐ ህዝቢ፡ ካብ ዓቀን ንላዕሊ ከቢዱስ፡ ኣብ ክጸወሮ ዘይክእል ደረጃ በጺሑ ይርከብ። እዚ ባዕልና ዝፈጠርናዮ እኩይ ፍጥረት፡ ሃርጋፍ ሸውሃት ስለዘማዕበለ፡ ንምርዋዩን ቀጻልነቱ ንምርግጋጽን፡ ነባሪ ናይ ምስዋእ ባህሊ ክፍጠር ኣለዎ። ንሓደ ዘይተነጸረ፣ ደብዛዝን ኣካራኻርን ሕልሚ ንምውሓስ፡ በዚ ጭራቕ'ዚ ሓደ ወለዶ ድሕሪ እቲ ሓደ ክብልዑን ክሃልቑን ኣለዎም። ሎሚ ኣብ ናይ መወዳእታ ዕምሩ ድማ ንመላእ ሃገር ንኽጽንት ኣብ ምውጥዋጥ ይርከብ። ሻዕብያ ክመውት እንተኾይኑ፡ ንመላእ ሃገር ለኪምዋ ክዕዘር ከምዝኾነ ኣቐዲሙ ወሲኑ እዩ። ግና'ኸ፡ ዛጊት ብዙሓት ኤርትራዊያን፡ ካብ ክቱር ፍትወት ሰውራ ተበጊሶም፡ ጠንቂ ናይቶም ኣብ ልዕሊ ሃገር ዓሰሎም ዘለው ሕማማት፡ ንገድሊ ዘይኮነስ ንኻልኦት ነገርት ወይ ንዝኾነ ካልእ ሳልኣይ ኣካል ምልጋብ እዮም ዝመርጹ...

(ናብ ገጽ 11 ይቕጽል)

# ንዘረባ “መሰለይ” ተምጽኦ....

*(ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ)*



ምኽንያቱ ኣበዚ ሃገር ገለን ብሃገር ደረጃ፡ ገለን ብኣውራጃ ደረጃ፡ ገለን ድማ ብ “ገዛውቲ” ደረጃ ዝሕተማ ጋዜጣታት ስለዘለዋ፡ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ጋዜጣ ክገዝእ ናብ ዝኾነ ድኳን ክኣቱ እንከለኹ ንነዊሕ ዓይነይ ሕውዝውዝ ኢዩ ዝብለኒ። ሓደ ኣብ ኤርትራ ንነዊሕ እዋን ዝተቐመጠ እሞ ብሕጋዊ ኮነ ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ካብታ ሃገር ዝወጸ ሰብ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ወጻኢ ዘጋጥሞ ነገራት ብመንጽር ኤርትራ ክርእዮ ባሕርያዊ ብምዃኑ ድማ፡ ኣብ ኤርትራና ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ዳግም ዝጥጥዓሉ እዋን ጥራይ ዘይኮነስ ነፍሲ ወከፍ ዓበይትን ንኣሽቱን ከተማታትና ነናተን ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ዝውንናሉ እዋን ናፊቐ።

ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ዓመታት ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብእንግሊዝኛ ዝተሓትማ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ደቡብ ኣፍሪቃ እናንበብኩ ኣብ ዝዘናግዓሉ ዘለኹ እዋን ድማ ኢያ ኤርትራዊት ዘይመንግስታዊት ጋዜጣ፡ ጋዜጣ “መሰለይ” ቦሎኽ ዝበለት። ሓደ ካብ ኣሰናዳእቲ ናይ’ዛ ጋዜጣ፡ ነዛ ጋዜጣ ንምሕታም ምድላዋት ኣብ ዝግበረሉ ዝነበረ እዋናት “ተስፎ፡ ነዚ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነት ከንብብ ዕድል ዘይብሉ ክፋል ህዝብና ዝዓለመት ሓንቲ ወርሓዊት ጋዜጣ ከነውጽእ መደብ ጌርና ኣለና” ምስበለኒ ዝተሰማዓኒ ባህታ ክገልጸልኩም ዓቕሚ የብለይን። “እዝጊሄርሲ ጸድፊ ይፈጥር’ሞ መደያይቦ ይገብረሉ” ከምዝበሃል ኣብ ኤርትራና ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ዘይምህላወን ዝፈለጠ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ተበጊሳ ናብ ምሉእ ዓለም (እንኮላይ ናብ ኤርትራ) ክትዝርጋሕን ብመላእኽቲ ኤርትራ፡ ዉፉያት ኣባላት ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.) እትዳሎ ጋዜጣ ምፍጣሩ ንብዙሓት ኣፍቀርቲ ጋዜጣ ዘረስረሰ ታኣምራት ኢዩ።

ገለ ካብ ጽቡቕ ጎንታት ዘይመንግስታውያን ጋዜጣታት ሓቀኛ ተጣበቕትን ልሳን ህዝብን ብምዃን ህዝቢ’ታ ሃገር ኣብ ርሱን ክትዕ ንኽመጽእ ባይታ ዝፈጥራን ምዃነን ኢዩ። ንኣብነት ፕረሲደንት ኢሳይያስ ዑደት ስራሕ ንምፍጻም ንሊብያ ኣብ ዝገበሮ ምብጻሕ ንኽልተኣዊ ዝምድና ብዝምልከት ምስ ሓው ሙዓመር ቃዛፊ ተዘራሪቡ። ዝብል ዜና ብዙሕ ከካትዕካ ኣይክእልን ኢዩ። ኣብ ሊብያ ዘለዉ ስደተኛታት ኤርትራ ገለን ንኽጥረዙ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ኣለዉ። ገለን ናብ ኢጣልያ መኸዲ ገንዘብ ስኢኖም ይነብሑ ኣለዉ። ገለ ካልኦት ድማ ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም ሞይቶም፡ ዝብል ዜናታት ግን ንዝኾነ ሓቀኛ ኤርትራዊ ኣብ ሓያል ሰብኣዊ ክትዕ ከእትዎም ባህርያዊ ኢዩ። ጋዜጣ መሰለይ ድማ እንሆ ድሮ ሰለስተ ሕታማታ ናብ ህዝቢ ኣቕሪባስ ህዝቢ ኤርትራ ዳግም ኣብ ርሱንን ስምዒታውን ክትዓትን ሃናጺ ዘተን ክጽመድ ዕድል ፈጢራ ትርከብ።

ብዕለት 24 ሚያዝያ ድማ ጋዜጣ መሰለይ ኣነን ሓደ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ከተማ ደርባን ካብ ዝርከቡ ነጋዶን ዝኾነ ሓውና “ክንድሽሕ” (ናይ ብርዒ ስም) ኣብ ዓሚዩቕ ክትዕን ምይይጥን የእቲያትና ኢያ። መጀመርያ ኣነ ንገለ ካብቲ ኣብ ሳልሳይ ሕታም ጋዜጣ መሰለይ ዝቐረበ ጽሑፋት ነኽንድሽሕ የንብበሉ ነበርኩ። ገለ ካብቲ ዝመሰጠንን ዘገደሰንን ኣርእስትታት ድሕሪ ምንባበይ ድማ ንኽንድሽሕ ሓወይ “ብዛዕባ እዚ ዘንበብኩልካ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ጋዜጣ መሰለይ እንታይ ርእይቶ ኣለካ በልክዎ”። ክንድሽሕ ሓንሳብ ምስ ከፈትክዎ ልክዕ ከም ቡንባ ማይ ሓሳባቱ ክፍስስ ጀመረ። እንሆ ድማ ምሉእ ትሕዝቶ ክትዕና ንናጻ ፕረስ ሳንሱር ከይገበርኩ የቕርበልኩም ኣለኹ።

**ሕቶ፡** እሞ ኽንድሽሕ ሓወይ ብዛዕባ እዚ ከንብበልካ ዝጸናሕኩ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ጋዜጣ መሰለይ እንታይ ርእይቶ ኣለካ፧

**ክንድሽሕ፡** ሓደ ኣነ ዝኣምነሉ ተዛሪብካ ፍረ ክርከቦ ኣለዎ። ሓደ ሰብ ኣብ ጋዜጣ ስለዝተዛረበ ፍታሕ ኣምጺኡ ማለት ኣይኮነን። ፍታሕ ከምጽእ እንተኾይኑ ሓሳባት ናይ ደቂ ሰባት ተቐቢሉ ወግዓዊ ሓቂ ጥራሕ ክዛረብ ኣለዎ። በትሪ ሓቂ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን ኢያ። ሓደ መዓልቲ ድማ ክዕወትን ብዙሓት ሰዓብትን ደገፍቲ ሓሳባቱን ክረክብ ኢዩ። ሽዑ ድማ ብፍሪኡ ክዓግብን ክሕጎስን ምህርቱ ክሓፍስን ኢዩ። ፍረ ጻምኡን ፍረ ድኻም ናይ ዝሓለፈ እዋን ድማ ይጎናጸፍ።

**ሕቶ፡** እሞ “ተዛሪብካ ፍረ ክርከቦ ኣለዎ” ክትብል ከለኻ ሰብ ኲሉ ብረት ሒዙ ጥራሕ ኢዩ ፍታሕ ዘምጽእ ማለትካ ድዩ፧

**ክንድሽሕ፡** ኣይኮነን። ተታኾስካ ጥራሕ ኣይኮንን ፍታሕ ዝመጽእ። ንስኻ ንዲሞክራሰን ፍትሕን ስለሓቅን ንመሰል ደቂ ሰባትን ትቓለስ እንተኾንካ ኩሉ ጊዜ ብዙሓት ፖለቲከኛታት ንቓላትካን ንቓልስኻን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ጎድንኻ ክስርዑ እዮም። ሓደ መዓልቲ ድማ ጉዳይካ ብሰፊሕ ኣብ ናይ ዜና ማዕከናት ዓለም ተቐባልነት ክረክብ ኢዩ። ብኽምኡ ድማ ትዕወትን ሽቶኻ ትሃርምን።

**ሕቶ፡** እሞ መንግስቲ ኤርትራ እንድዩ ጠረጴዛ ዘይፈቱ ኮይኑ፧

**ክንድሽሕ፡** መንግስቲ ኤርትራ ጠረጴዛ እንተዝፈቱ ደኣ ቀደም’ንዶ ዲሞክራስን መሰልናን ምረኸብና ኔርና። ንስኻ ምስ ብዙሓት ፍትሕን ዲሞክራስን ምስ ዝፈልጡን መቐረት ዲሞክራሲ ምስዘስተማቕሩን ኤርትራውያንን ዘይኤርትራውያንን ደገፍቲ ምስትረክብ ሽዑ እቲ ዲሞክራሲ ዝበሃል ጎሊሑ ይወጽእ። ንህዝብኻን ኣብ መሪሕነት ንዝርከቡ ሰበስልጣንን ድማ ዲሞክራሲ ከምዝፈልጡ ትገብሮም።

**ሕቶ፡** እንታይ ድዩ መሲሉካ’ሞ እቲ ቀንዲ ሽግር ኤርትራውያን ጸገምና ዘይምፍላጥ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ከምቲ ሓደ መዓልቲ ኣናጹ ተኣኪበን፡ እቲ ሽግረን ድሙ ምዃኑ ብሓባር ዝተሰማምዓ’ሞ እንተኾነ ግን ነቲ ድሙ መን ቃጪል ኣብ ክሳዱ ይግበረሉ ንዝብል ነጥቢ መልሲ ክረኽባ ብዘይምኽኣለን ኣኼብኦን ዝበተና፡ ናትና’ውን ተመሳሳሊ ዓይነት ጸገም እንድዩ ኮይኑ፧

# ንዘረባ "መሰለይ" ተምጽኦ....

(ካብ ገጽ 9 ዝቐጸለ)




**ክንድሽሕ**፡ "ወደን ከይሓንቃስ መርዓት ወደን" ይብል ኣቦይ። ንስለ ሓቅን ፍትሕን ዝቃለስ ሰብ ነታ ቃጭል ክኣስር ይኽእል ኢዩ። ሓደ ውልቀሰብ ጥራይ ኣይኮነን ድማ ዝኣስር። ብዙሓት ሰባት ክንዲ ሓደ ሰብ ኮይኖም ክኣስርዋ እዮም። ይኣስርዋ ድማ ኣለዉ።

**ሕቶ**፡ እዞም እትብሎም ዘለኻ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከቡ ድዮም ወይስ ወጻኢ ካብ ኤርትራ፧

**ክንድሽሕ**፡ ኣብ ደገ ዘሎ እምበር ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ደኣ ከመይ ጌሮም። ኣብ ውሽጢ ሃገርና እንክለና ከምዚ ክንዛረብ ንኽእል እንተንኸውን ብሰንኪ ሓደ ሰብ ኣማኢት ኣሽሓት ሰባት ዓድና ገዲፍና ኣይምተሰደድናን።

**ሕቶ**፡ እሞ እዚ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኤርትራዊ ደኣ ሕልንኡ ዓሪብዎ እንድዩ ዘሎ፧

**ክንድሽሕ**፡ ሕልንኡ ኣይዓረበን። ሕልንኡ ዝዓረቦ ኣብ ዓዲ ተኾርምዩ ኢዩ ዝነብር። ዓዱ ገዲፉ ዝተሰደደ ሰብ ግን እንታይ እዩ መሰደዲኡ፧ ምረት ስደት ከመይ ይመስል ኣዳዕዲዑ ስለዝፈልጥ ጸገሙ ንምፍታሕ ምስ ብዙሓት ሰብ ሞያን ክኢላታትን ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ይፈጥር። ልክዕ ከምዚ ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ) ጸገም ኤርትራ ንምፍታሕ ምስ ዝተፈላለያ መንግስታዊያንን ዘይመንግስታዊያንን ትካላት ትዘራረብ ማለት ኢዩ።

**ሕቶ**፡ ናብ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝቕመጥ "ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ" ንምጽእ። መብዛሕትኡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝቕመጥ ኤርትራዊ ስደተኛ ብንግዲ ዝናበር ኮይኑ ምስ ሓያሎ ኣብ ትሑት ደረጃ መነባብሮን ኣብ ትሑት ደረጃ ትምህርትን ዘለዎም ሰባት ጥራይ ኢዩ ዝራኸብ። እሞ ብኸምዚ ኣገባብ ደኣ ከመይ ጌሩ ኣብቲ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ዝግበር ቃልሲ ክዋሳእ ይኽእል፧

**ክንድሽሕ**፡ ኣይኮነን! ስለምንታይ እንድሕር ደኣ ኢልካ፡ ኣብ ንግዲ ይኹን ኣብ ብሕታዊያንን መንግስታዊያንን ዝሰርሑ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣለዉ። ንኣብነት ሓደ "ቢዝነስ ማን" ኣብ ንግዲ ክሰርሕ ከሎ ምስ ብዙሓት ኢዩ ዝራኸብ። እቶም ዝረኽብዎ ድማ ብዛዕባ መንነቱ ክሓትዎ ባህርያዊ ኢዩ። ቢዝነስ እንዳገበረ ድማ ንሶም ዝህብዎ ምኽርታትን ለበዋታትን ይከታተል። ካብኣቶም ድማ ቡዙሕ ይኸስብ።

**ሕቶ**፡ ሕራይ እምበኣር፡ ደፈረካኒ ደኣ ከይትብለኒ እምበር ንስኻ ብውልቅኻ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ዝግበር ቃልሲ እንታይ ኣበርክቶ ትገብር ኣለኻ፧

**ክንድሽሕ**፡ (ብዙሕ ድሕሪ ምሕሳብን ድሕሪ ምስሓቕን) ንኣብነት ኣነ ብውልቀይ ኣብ ንግዲ ዝረኽቦም ሰባት፡ ኣበይ ዓድኹም፧ ናብዚ ዓዲ ብኸመይ መጺኻ፧ ኣብ ዓድኹም መሪሕነት ብኸመይ ይካየድ፧ ዲሞክራሲ ኣሎ ዶ ወላስ የለን፧ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ ፍልልዩ እንታይ ኢዩ፧ ዓድኹም እንታይ ዓይነት ስርዓት ትኽተል (ካፒታሊስት ድያ ወይስ ሶሻሊስት)፧ ቁጠባ ሃገርኩም ከመይ ኢዩ፧ ዓድኻ እንተተመለስካ እንታይ የጋጥመካ፧ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብሕጋዊ ዶ ወይስ ብዘይሕጋዊ መገዲ ኢኻ መጺእካ፧ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ህይወትካ ምስ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ህይወትካ ክተነጻጽሮ ከለኻ ብኸመይ ትገልጾ፧ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ስደተኛታት ንዘለዎ ኣረኣእያ ብኸመይ ትርእዮ፧ ንዝመጽእ ብንግዲ ምስትዓቢ እንታይ ክትገብር ትደሊ፧ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዶ ክተውፍር ትደሊ ወይስ ዓድኻ ኢኻ ትምለስ፧ ክሳብ መኣስ ኢኻ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ትስርሕ፧ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ደስ ዝበለካ ዓዲ ኣውፋሪ ክትከውን ክሰደካ እንተዝብለካስ ኣበይ ምመረጽካ፧ ዝብሉ ሕቶታት ንብዙሓት ኣብ ደርባን ከምኡ`ውን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ነጋዶ ዘጋጥሞም ኢዩ። መብዛሕትኦም ድማ ነዚ ነገራት ብረቂቕን ንሃገርና ብዘርብሕን መገዲ ይምልስዎ። በዚ ድማ እጃሞም የበርክቱ ማለት ኢዩ። ገለ ውሑዳት ካብኣቶም ግን ነዚ ነገር'ዚ ብሸለልትነት ይሓልፍዎ።

**ሕቶ**፡ ካብዚ ኩሉ ንዓኻ ዝሓቱኻ ሕቶታት ኣየኖት ሕቶታት እየን ዝትንክፋኻ፧

**ክንድሽሕ**፡ ኣብ ዓድኹም እንታይ ዓይነት መሪሕነት ይካየድ (ሃገርኩም ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ዲዩ ዝምራሑ፧) ህዝቢ'ኸ ከም ድላዩ ክመርጽን ንመሰሉ ክዛረብን ክካታዕን ይፍቀደሉ`ዶ፧ ዝብላ ሕቶታት ሕርኽርኽ ይብላኒ። ካልእ ብተወሳኺ ድማ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዶ ኣውፋሪ ክትከውን ይሕሸካ ወይስ ኣብ ዓድኻ ትብል ሕቶ ኣዝያ ኢያ ትስመዓኒ። ምኽንያቱ ኣነ ዓቢ ቢዝነስ ማን ኮይነ ኣብ ሃገረይ ከውፍር እንበር ንኽልኡት ዓበይቲ ሃገራት ከዕቢ ድሌት የብለይን። እንተኾነ ግን ኩነታት ሃገርና ነዚ ዘፍቅድ ባይታ ዘይብሉ ምዃኑ ሕማቕ ስምዒት የሕድረለይ። ኣብዚ ዓዲ ምስ ዘሎ ኩነታት ድማ ተመሳሲለ ክነብር ይግደድ።

እቲ ንክንድሽሕ ሓወይ ገለ ጽሑፋት ናይ መሰለይ ምስ ኣንበብኩሉን "ኣብዛ ጋዜጣ እንታይ ርእይቶ ኣለካ" ኢለ ምስሓተትክዎን ዝጀመረ ዕላልና መወዳእታ ኣይነበሮን። በዚ ድማ ኢየ ንጽሑፈይ "ንዘረባ ዘረባ ኣማጽኡ፡ ንሓመድ ዱግሪ የውጽኡ" ካብ ዝብል ምስላ ለባማትን ቀዳሞትን ኣቦታትና ተበጊሰ፡ "ንዘረባ መሰለይ ተምጽኦ፡ ንሓመድ ዱግሪ ተወጽኦ" ዝብል ኣርእስቲ ክህቦ ዝመረጽኩ። ብዝኾነ ኪንዮ'ዚ እንተቐጺለ ሰልችዩኩም ምንባብኩም ከይተቋርጹ ናይ ሎሚ ጽሑፈይ ኣብዚ ክዛዝም።

ኣብ ሓቀኛ ዲሞክራስን ፍትሕን ዝዓሰላ መጻኢት ኤርትራና የራኽበና!

ተስፋጋብር በርሀ (kiwegheyu@yahoo.com)
ደርባን፡ ደቡብ ኣፍሪቃ

# ምቅንጻው...

*(ካብ ገጽ 8 ዝቐጸለ)*




እቶም ንሃገር ገጢሞማ ዘሎዎ ቅልውላዋት ኣብ ዝምልከት ኣንጻር መርገጺ ዘለዎም ክልተ ተጻረርቲ ወገናት፡ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ፊት ንፊት ክገጥሙን ክላዘቡን ፍቓደኛታት ኣይኮኑን። ብሓባር ዝጠምርዎም ሓሳባት ግን ኣለው። እቲ ሓደ፡ ኣብ ልዕሊ ተቓናጅዩ ዝቀርብ ህሉፍ ሰውራዊ ተመክሮ ዘለዎም ኣምልኾ እዩ። እቲ ኻልኣይ ድማ ብዛዕባ ኣወንታዊ ሸነኻት ሰውራ ካብ ዓቀን ንላዕሊ ኣጋኒንካ ምቕራብ ክኸውን ከሎ፥ ከምኡ'ውን ነዚ ዝተኣሓሓለ ስእሊ ዘናኣእስ ሓቅታት ከምዘይነበረ ምኽሓድን ምቑንጻብን እዩ። እዚ ዝዓይነቱ ጥምረት ናይ ሓሳባት ኸኣ፡ ንጉዳይ ናይዞም ክልተ ተጻረርቲ ወገናት፡ ስግንጢራዊ ይገብሮ።

ሕሉፋት ደገፍቲ ጀብሃ፡ ብዛዕባ "ጀብሃ ዓባይ" ን "ኣደ ገድሊ" ን ኢሎም ብተመስጦ ክዘንትው ወይ ክጽሕፉ ከለው፡ ጀብሃ ከም ውድብ ኢንታ ዘይነበራ ዘምስል ስእሊ የቕርቡ። ነቲ ኣብ መወዳእታ ንጀብሃ ነፍሰ-ስዕረት ንኽትከናነብ ዝደረኻ ምልካዊ፣ ፈላላዩ፣ ፋሉላዊ፣ ብልሽውን ዘይጽፉፍን ኣወዳድባኣ ግን ከልዕልዎ ኣይመርጹን እዮም፥ ወይ'ውን ምሉእ ብምሉእ ክኽሕድዎ ንዕዘብ። ሕሉፋት ደገፍቲ ሻዕብያ ብወገኖም፡ ካብዚ ናይ ደገፍቲ ጀብሃ ብዘይንእስ ዓቕን፡ ነቲ ብሻዕብያ ዝተፈጸመ ጅግንነት ካብ ዓቕኑ ንላዕሊ ኣጋኒኖም ከቕርቡ ዝስልክዮም ኣይኮኑን። ነቲ ምልካዊ፣ ገለልተኛ፣ ብራዕድን ዘይምትእምማንን ዝተዓብለለ ባርባራዊ ባህርያት ሻዕብያ ግን ኅስዮሞ ክሓልፉ ይመርጹ።

ግና'ኸ፡ ሰውራ ተቓናጅዩ ክቕጽል እንተኾይኑስ ማእለያ ዘይብሉ ክሕደት ኣብ ልዕሊ ሓቀኛ ፍጻሜታት ይጠልብ። ኣብነት ንምጥቃስ፦ ብገድሊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ንዝተፈጸሙ ግፍዕታት ምርሳዕ ወይ ከምዘይነበሩ ምኽሓድ፣ ነቶም ዘተሓታትት ታሪኽ ዘለዎም "ተጋደልቲ" ከም ታእምራት ዝሰርሑ ጀጋኑ ጌርካ ምቕራብ፣ ታሪኽ ጠምዚዝካ ናብ ከርብሓካ ዘኽለሉ ዕላማ ምቕያር፣ ኣብ ህዝቢ ሰላምን ውህደትን ከምዘሎ ዘምስሉ ጽውጽዋያት ምስራሕ፣ ብቀሊሉ ክልለ ዝኽእልን ዝሰመረን ሃገራዊ መንነት ኣሎ ኢልካ ምዝራብ፣ ድኽመትካ ንምሽፋን መወዳእታ ዘይብሎም ምስምሳት ሒዝካ ምቕራብ፣ ንኽትፍውሶ ዘይክኣልካ ናይ ገዛእ-ርእስኻ ስንፍና ንምኽዋል ሓደ ድሕሪ ሓደ ጸላዒ ምጭጫሕን ወዘተረፈን ምፍጻም የድሊ።

ብተመሳሳሊ፡ ነዚ ኣብ ኤርትራ ኣጋጢሙ ዘሎ ጸገም፡ ህዝቢ'ውን ተሓታቲ ሙኳኑ ደፊሩ ዝዛረብ ዋላ ሓደ እኳ የልቦን። እቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሰውራዊት ኤርትራ ቃንኡ ዘይሃሰሰ ማርክሳዊ ክልሰ-ሓሳብ፡ ማለት "ህዝቢ ክጋገይ ኣይክእልን እዩ" ዝበል ማርክሳዊ ኣተሓሳስባ፡ ካብ ኣእምሮ ዜጋታት ገና ኣተሓኸኸን ዘሎ። ሻዕብያ'ውን እንተኾነት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ መዳርግቲ ዘይብሉ ንዕቀት ዘርኣየት ክነሳ፡ ብቃላታ ግን ንተራ ህዝቢ ኣታዓባብያ ከተቃልሖ እያ ትስማዕ። ንህዝቢ ኤርትራ ክትገልጾ እንከላ ድማ፡ ከምዚ ዝስዕብ ትብል፦ "ጽንዓቶም"፣ "ተወፋይነቶም"፣ "ተጻዋርነቶም"፣ "ሃገራውነቶም"፣ ወዘተረፈ...ትብል። በንጻር'ዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘለው ምሒር ዝጥቀሙላ ሓረግ ኸኣ፡ "ህዝብና'ዶ እዚ ምረኸበ" ትብል እያ።

ኣብ ክልቲኦም ኣጋጣምታት እንተወሲድና፡ ህዝቢ ንሰውራ ጸኒዑን ከቢድ ዋጋ እንዳኸፈለን ንነዊሕ እዋናት ምሕብሓቡ፡ እቲ ክልቲኦም ወገናት ብዛዕባ ህዝቢ ማራኺ ኾይኑ ዝረኽብዎ ረቛሒ እዩ። ግና'ኸ፡ እዚ ንገድሊ ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝገበረ ምእዙዝነት ህዝቢ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ንስርዓት ኢሰያስ ከምዘለዎ ንኽቕጽል ዘረጋግጽ ዘሎ ባእታ ምኻኑ ዋላ ሓደ'ኳ ዘስተውዕለሉ የልቦን። ህዝቢ ንመንን ንምንታይን ኣገልግሎቱ የወፊ ኢሉ ንገዛእ-ርእሱ ዝሓትት ኣይኮነን፥ ዘስተውዕለሉ'ውን ኣይመስልን። ብርግጽ፡ እዚ ናይ ዘይምስትውዓል ባህሊ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኣሎ። እዚ ኸኣ ዝኾነ ጸገም ኣብቲ ህዝቢ ከምዘሎ እዩ ዘረድእ።

እስከ ንመልከት፡ "ጺጋታት" ህዝቢ፡ ማለት "ጽንዓት"፣ "ተወፋይነት"ን ካልኦትን ምስዝጥለቡ፡ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝጽውዑ። እዚ ኹሉ ዝግበር ድማ ምስሊ ገድሊ ከምዘለዎን ተቓናጅዩን ንኽጽንሕ ተባሂሉ እዩ። እዞም ክልተ ጽውጽዋያት፡ ማለት "ጺጋታት" ህዝብን ዝተቓናጀወ ምስሊ ገድልን ኸኣ፡ ንሓድ ሕዶም ሓሶት እናተኾላለሱ ተደጋጊፎም ክነብሩ ንዕዘብ።

*(ኣብ ዝቕጽል ሕታም መሰለይ ይቕጽል)*

